BÆRUM KOMMUNE
BARNEHAGEKONTOR

**ናብ ኣኼባ ብዛዕባ ዕቤት ብደሓን ምጹ**

ዕለትን ሰዓትን፡-                                    እቲ ዝርርብ ምስ ዝስዕብ ክግበር እዩ፡- (ስም መምህር)

ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዝግበር ናይ ምዕባለ ዝርርብ ኣብ መንጎ ወለድን ሓላፊት ትምህርትን ዝካየድ ብምስጢር ዝተሓዝ ዘተ እዩ። እዚ ኣኼባ እዚ፡ ንወለድን ንሰራሕተኛታት መዋእለ ሕጻናትን ብዛዕባ ኵነታት ሓደ ሕጻንን ብዛዕባ ማሕበራውን ስምዒታውን ኵነታቱን ሓበሬታ ኽካፍሉ ዕድል ይህቦም።

ኩሎም ኣብ መዋእለ ሕጻናትና ዘለዉ ወለዲ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ናይ ወለዲ ኣኼባታት ይግበረሎም። ዝኾነ ክትዛተዩሉ እትደልዩ ነገር እንተ ተላዒሉ እውን፡ ካብቲ ዝተሓሰበ ንላዕሊ ተወሳኺ ኣኼባታት እውን ንገብር ኢና። ከምኡ ከድልየኩም ከሎ በጃኹም ምሳና ርክብ ግበሩ፣ ግዜ ድማ ክንምድብ ኢና!

*መዋእለ ሕጻናት ነቲ ወለዲ ተሳትፎ ኽገብሩ ዘለዎም መሰል ኣኽቢሩ ይርእዮን ምስ ወለዲ ብቐረባን ብምትሕብባርን ክሰርሕ ድማ ይጽዕር እዩ። (ቅርጺ መደብ መዋእለ ሕጻናት፡ ምዕራፍ 5)።* Film: Hva er rammeplan for barnehagen፧ | udir.no. | udir.no. (ፊልም፡- ንመዋእለ ሕጻናት ዝምልከት ቅርጺ መደብ እንታይ እዩ፧)
ኣብቲ ቅርጺ መደብ ከም እተገልጸ፡ ኣብ መንጎ መዋእለ ሕጻናትን ወለድን ዝግበር ምትሕብባር ንጽቡቕ ሂወትን ምዕባለን ቈልዑ ወሳኒ እዩ። ሓደ ቘልዓ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ኣብ ዝጸንሓሉ ዓመታት ምስ ወለዲ ጽቡቕ ምትሕባር ክንገብር ዕላማ ኣለና። ንስኻትኩም ከም ወለዲ መጠን ንውላድኩም ብዝበለጸ ትፈልጥዎ፣ ስለዚ፡ ንውላድኩም ብዝበለጸ መንገዲ ኽንሕዞ ዝሕግዘና ሓበሬታ ክትህቡና እትኽእሉ ንስኻትኩም ኢኹም።

ክልቲኦም ወገናት ነቲ ኣኼባ ምእንቲ ክዳለዉ በጃኹም ኣብቲ ቅጥዒ ዘለዉ ኣርእስታት ኣቐዲምኩም ርኣይዎም። ኣብቲ ንዓኻትኩም ኣገዳሲ ዝኾነ ነገር ምስ ጸሓፍኩም፡ ነቲ ቅጥዒ በጃኹም ነታ ምስኣ ኣኼባ እትገብሩ መምህር ሃብዋ፣ እንተ ተኻኢሉ ቅድሚ እቲ ኣኼባ ክልተ መዓልቲ ኣቐዲምኩም ሃብዋ።

ነዚ ኣኼባ እዚ ኣስታት 45 ደቓይቕ ተመዲቡሉ ኣሎ።

እቶም ሰራሕተኛታት መዋእለ ሕጻናት ምስጢር ናይ ምሕላው ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎም፣ እቲ እንረኽቦ ሓበሬታ ድማ ምስቶም ንረብሓ እቲ ቘልዓ እቲ ሓበሬታ ዘድልዮም ሰራሕተኛታት ጥራይ እዩ ዝካፈል። ነቲ ንቐጻሊ ክትትል እቲ ቘልዓ ኣገዳሲ ኽም ዝኾነ ብሓባር እንሰማማዓሉ ጉዳያት ጥራይ ኢና እንጽሕፍ። ከምዚ ዘይንገብረሉ ገለ ምኽንያት፡ ሓደ ቘልዓ ኣብ ኣተዓባብያኡ ከቢድ ሸለልትነት ከም ዘሎ ዘእምን ምኽንያት እንተልዩ ወይ ድማ እቲ ቘልዓ ቀጻሊ ከቢድ ናይ ባህሪ ጸገማት እንተድኣ ኣርእዩ ጥራይ እዩ፣ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ሰራሕተኛታት መዋእለ ሕጻናት ኣብቲ ኮሙን ንዘሎ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ናይ ምሕባር ግዴታ ኣለዎም።

እቲ ዝቐርብ ሓበሬታ ብመሰረት ደንቢ ሓለዋ መረዳእታ ክኽዘንን ኣብ ጥቕሚ ክውዕልን እዩ።

BÆRUM KOMMUNE
BARNEHAGEKONTOR

# ቅጥዒ ኣኼባ ብዛዕባ ምዕባለ ካብ 3-6 ዓመት ንዝዕድሚኦም ሕጻናት

**ኣኼባ ብዛዕባ ምዕባለ ናይ (ስም ቈልዓ):-** **ዕለት:-**
**ሰዓት:-** **ናይ መወዳእታ ኣኼባ እተገብረሉ ዕለት:-**

| **ናይ መኽፈቲ ኣኼባ ዕላል** | **ወለዲ:-** | **መዋእለ ሕጻናት:-** |
|---|---|---|
| እቲ ቈልዓ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብቲ መዋእለ ሕጻናት ዝጀመረ እንተ ኾይኑ: እቲ ቈልዓ ናብ መዋእለ ሕጻናት ብዛዕባ ዝገበሮ ምስግጋር ከመይ ይስምዓኩም፧ ጽቡቕ ድዩ ዘሎ ወይስ ለውጢ ዘድልዮ ነገር ኣሎ፧<br><br>ኣብ መንጎ መዋእለ ሕጻናትን ስድራቤትን ዘሎ ምትሕብባር ከመይ ትርእይዎ፧ (ኣብ እዋን ቈልዓ ምምጻእን ምውሳድን ዝግበር ርክብ፣ ሓበሬታ ብዛዕባ) | | |
| **ድሕንነትን ባህታን** | | |
| እቲ ቈልዓ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ምውዓል ባህ ከም ዘብሎዶ ይስምዓኩም፧ እቲ ቈልዓ ብዛዕባ መዋእለ ሕጻናት ኣብ ገዛ እንታይ ይዛረብ፧<br><br>እቲ ቈልዓ ስምዒታቱ (ንኣብነት ሓጐሱ፡ ሕርቃኑ፡ ፍርሁ፡ ሓዘኑ፡ ጓሂኡ) ብኸመይ ይገልጽ፧<br>እቲ ቈልዓ ንስምዒታቱ ብኸመይ እዩ ዚቈጻጸሮ፧<br>እቲ ቈልዓ ንስምዒት ካልኦት ብኸመይ እዩ ምላሽ ዝህብ፧<br>እቲ ቈልዓ ንተቓውሞን ተጻብኦን ብኸመይ እዩ ምላሽ ዝህብ፧ | | |
| **ማሕበራዊ ብቕዓትን ርእሰኻ ምኽኣልን** | | |
| እቲ ቈልዓ ኣብ ውሽጢ ገዛ ወይ ኣብ ደገ እንታይ ክጻወት ይደሊ፧<br><br>ውላድካ መዋእለ ሕጻናት ካብ ዘለዉ ብዛዕባ መን ክዛረብ ሰሚዕኩምዎ ወይ ምስ መን ዝያዳ ግዜ ኽም ዘሕልፍ ይስምዓኩም፧<br><br>እቲ ቈልዓ ምስ ካልኦት ቈልዑ ኾነ ዓበይቲ ዘለዎ ርክብ ከመይ እዩ፧ እቲ ቈልዓ ምስ ካልኦት ቈልዑን ዓበይትን ንዘጋጥሞ ዘይምርድዳእ ብኸመይ ይሕዞ፧<br><br>እቲ ቈልዓ ኣብ ሓደ ዝሳተፈሉ ንጥፈት ትኹረት ክገብር ይኽእል ድዩ፧<br><br>እቲ ቈልዓ ንዝኾነ ነገር ብኣእምሮኻ ናይ ምስኣልን ናይ ፈጠራን ክእለት የርኢ ድዩ፧ ብኸመይ፧<br><br>*እቲ ቈልዓ ኣብ ጉጅለ ኰይኑ ክዛረብ ወይ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ደው ክብል ድፍረት ኣለዎ ድዩ፧*<br><br>እቲ ቈልዓ ኣብ እተፈላለየ ኵነታት ርእሱ ክኽእል ድሌት ከም ዘለዎ የርኢ ድዩ፧ | | |
| **ቋንቋን ርክብን** | | |
| እቲ ቈልዓ ብዛዕባ እቲ ዝዝረብ ነገራ ብኸመይ ይርድኦ፧ እቲ ቈልዓ ምስ ካልኦት ቈልዑን ዓበይትን (ንኣብነት ገለ ነገር ክደሊ ወይ ከድልዮ ኸሎ) ብኸመይ ይረዳዳእ፧ | | |



TOLKENETT
Tolkenett AS
Schweigaardsgate 12
0185 Oslo
Org. nr. 993 965 294
www.tolkenett.no

| | | |
|---|---|---|
| እቲ ቈልዓ ብዙሕ ቓላት ይፈልጥ ድዩ፡ ነዚ ቓላትከ ብሓደ ጠሚሩ ኣብ ምሉእ ሓሳብ ክጥቀመሉ ይኽእል ድዩ፤ እቲ ቈልዓ ብዛዕባ ዘጋጠሞ ነገር ወይ ብዛዕባ ሓደ ኺፍጸም ዘለዎ ነገር ክዛረብ ይኽእል ድዩ፤ እቲ ቈልዓ ብዙሕ ቋንቋታት ዝዛረብ እንተ ዀይኑ፡ ኣየናይ ቋንቋ ዝያዳ ዝፈልጥ ይመስለኩም፤ እቲ ቈልዓ ብዛዕባ ንስኻ ኣብ ዘይነበርካሉ እዋን ዘጋጠሞ ነገራት፡ (ንኣብነት ካብ መዋእለ ሕጻናት ብዛዕባ ዝወዓሎ ዅነታት) ክዛረብ ከሎ እቲ ዝብሎ ይርድኣኩም ድዩ፤<br><br>እቲ ቈልዓ ኪንበበሉ ወይ ኪዝመር ከሎ ደስ ይብሎ ድዩ፤ ኣብ ገዛኹም እትጥቀሙሎም መጻሕፍቲ፡ ደርፍታት፡ ወይ ቅኒታት ኣብነታት ሃቡ። | | |
| **ኣካላዊ ዕቤትን ኣካላዊ ክእለትን** | | |
| እቲ ቈልዓ ዘርእዮ ዓበይቲ ኣካላዊ ክእለት (ኣብ ደገ ወይ ኣብ ውሽጢ ገዛ ንጡፍ ኣብ ዝዀነሉ እዋን ዘርእዮ ኣካላዊ ምንቅስቓስ) ከመይ ኣሎ፤ እቲ ቈልዓ ዘርእዮ ንኣሽቱ ኣካላዊ ክእለት (መቕስ ምጥቃም፡ ናይ ምስኣል ክእለት፡ ኣተሓሕዛ ርሳስ) ከመይ ኣሎ፤<br><br>እቲ ቈልዓ ንሰብነቱ ወይ ንናይ ካልኦት ሰብነት ብዝምልከት እንታይ ደረት ክገብር ከም ዘለዎ ከመይ ጌርኩም ከም እትምህርዎ ሓሲብኩምሉ ዲኹም፤ | | |
| **ኣቓዲምካ ክግበር ዘድሊ ሓገዝ** | | |
| ነቲ ቈልዓ ዝጸሉ ኣብ ስድራቤት እተራእየ ለውጢ ኣሎ ድዩ፤ (ንኣብነት ሕማም፡ ጕዳያት ጥዕና ኣእምሮ፡ ፋይናንስ፡ ዝምድና ወዘተ)<br><br>ኣብ ዙርያ እቲ ቈልዓ ንዝውሰድ ዝዀነ ወልፊ ዘትሕዝ ነገራት ብኸመይ ከም እትሕዝዎ ርእይቶ ኣለኩም፤<br><br>እቲ ቈልዓ ብኣልኮላዊ መስተ ወይ ብኻልእ ወልፊ ዘትሕዝ ነገራት እተጸልወ ኣባል ስድራቤት ኣጋጢምዎ ድዩ፤ | | |
| **ካልእ** – ቅድሚ ሕጂ ዘይተጠቕሰ ክትዛረብዎ እትደልዩ ነገር ኣሎዶ፤ | | |
| **ሽቶ ብዛዕባ ዕቤት** (ኣብ ዝቕጽል ኣኼባ ትዅረት ዝግበረሉ)<br><br>ነቲ ቈልዓ ኣወንታዊ ምዕባለ ክገብር ንምሕጋዝ ብቐጻሊ እንታይ ክንገብር ይግባእ፤ | ኣብ ኣኼባ ብሓባር ምልእዎ | |
| **ጽማቕ** – ስምዒት ብዛዕባ እቲ ኣኼባ | ኣብ ኣኼባ ብሓባር ምልእዎ | |

**ፌርማ**
**ወለዲ፦**........................................................................ **መምህር፦**.............................................



TOLKENETT
Tolkenett AS
Schweigaardsgate 12
0185 Oslo
Org. nr. 993 965 294
www.tolkenett.no